# ኣሰይ! ኣሰይ! እንቛዕ'ዚ ርአና

ኣሰይ! ኣሰይ! እንቛዕ'ዚ ርአና
ሓለይቲ ውጹዓት ይብጻሕኩም ምስጋና፡
ተመስገን ፈጣሪ፡ ተኣኪቡ ኩሉ
ሳላቶም ውፉያት ድኻም ዘኸፈሉ፤
ሓገዝትና ኩሎም ብሓበራ ብዘይፈለያ
ክዉን ክገብርዎ ዘወሰኹ ጉያ
ምስጋና ንዓኹም ወጽዓ ዝረኣኹም
ጻማ ክሕፈስ'ዩ ንብለኩም ኣጆኹም፤
አብነትኩም ሒዝና ብሓባር ዘናብር
ማዕርነት ንኹሉ ህዝብና ክንሕብር
ጥቕሚ ምክብባር ውጽኢቱ ዓቢ
ፉሕታ ሂብኩምናስ ተደሪብና ጋቢ፤
ምሕዝነት/ኪዳን ካብ ቅድም ፈለማ
ብሓደ ሶጊሙ ብንጹር ዕላማ
ዋዕላ'ሉ ኣዊጁ ንኣስረሉ ጋማ
ከምታ ናይ ናጽነት ሕጂ ድማ፤
ብሔራት ኤርትራ ምስጋና ንዓኹም
ሲቪክ ማሕበራትና ድማ ምስጋና ንዓኹም
ኣብ ተግባር እንሆ ውጽኢት ጻዕርኹም
ብስም ውጹዕ ኮይነ ዮሃና! ይብለኩም፤
ሰናይ ምክብባር  ሰላምዩ ዘኽብር
ብሩህ መጻኢና ኣድሚቑ ዝሕብር
ተኸባቢርካ ምንባር ኡፎይታ ዞናና
<u>ዋዕላ ምስክሩ ዓወት'ዩ ባይታና።</u> *ብጴጥሮስ ተኸሉ፡(ሓላዪ)* 20/08/2010 ቶሮንቶ ካናዳ